# ጠንቂ ናይ ፍልልያትና ምስ ኤርትራ ባህርያት ናይቲ ስርዓት ኢዩ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**24.08.2005**

ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልወጠን ብ23.08.2005 ኣብ ዝወጸ ሕታማ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፡ ኣሰይድ ሙስጣፋ እስማዒል፡ ኣብ መንጐ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ዲፖሎማስያዊ ዝምድናታት ንምምሕያሽ እተገብረ ጻዕርታት ዝፈሸለሉ ምኽንያት፡ ባህርያት ስርዓት ኤርትራ ኢዩ፤ ከምኡ ውን፡ ስርዓት ኤርትራ ምስ ሱዳን ሕውነታዊ ዝምድና ኣብ ምፍጣር ፈሺሉ ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ማሕሙድ ሸሪፎን ኣባላት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝርክብዎም ብርክት ዝበሎ መራሕቲ ናይ ሓርነታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ዝኾኑ ፖለቲከኛታት ኣሲሩን ኣባሪሩን፤ ልዕሊ 30 ዝኾኑ ዲፕሎማሰኛታት ተኣሲሮምን ተሰዲዶምን፤ እዚ ድማ፡ እቲ ስርዓት ካብ መድረኽ ናይ ሰውራ ናብ መድረኽ ናይ መንግስቲ ኣብ ምስግጋር ከምዝፈሸለ ኢዩ ዘረጋግጽ ኢሉ። ኣስዒቡ ኤርትራ ናጻ ጋዜጣታትን ፖለቲካዊ ፓርትታትን ዘይብላ ሃገር ኢያ ድሕሪ ምባል፤ እቲ መንግስቲ ሓደ ውልቀሰብ ዝመልኮ ሰውራዊ መንግስቲ ኰይኑ፡ ዝተረፈ ድማ ኢሳይስ ከምድላዩ ዘንቀሳቕሶ ደም ምዃኑ ኣስሚርሉ። ስርዓት ኤርትራ፡ ካብቶም ኣብ ዓለምና ዘሎዉ ዝኸፉ ውሑዳት መንግስታት ሓደ ኢዩ።

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ቀጺሉ፡ ስርዓት ኢሳያስ ንዝበልዓሉ ጻሕሊ ዝሰብር፡ ምዃኑ ኣቃሊዑ። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ሃገራት ኣዕራብን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ንዝገበርሉ ደገፍ ኣሉ ምባሉን፤ ከምኡ ውን፡ ብደገፍ ናይቲ ክሳዕ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ኣብ ጐድኒ ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ደው ዝበለ ህዝቢ ሱዳን ውን ኣይኣምንን ኢዩ ኢሉ።

ከምኡ ውን፡ ፕረሲደንት ዑመር ኣልበሺር፡ ነቲ ብምኽንያት ናይ ነፍስሄር ዶክተር ጆን ገረንግ ቀዳማይ ምኽትል ፕረሲደንት ክኸውን ምሻሙ ኣመልኪቱ ፕረሲደትን ኢሳያስ ብ9 ሰነ 2005 ዝለኣኸሉ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ክምልስ እንከሎ፡ ካብ ተመኲሮ ናይ ሱዳን ተማሂሩ፡ ኣብ ኤርትራ ብተመሳሳሊ መንፈስ ምስ ተቓወምቲ ስርዓት ኤርትራ ክሰርሕ ኣዘኻኺርዎ።

ቀጺሉ፡ ሽሕኳ ሱዳን ብስርዓት ኤርትራ ሕጉስ እንተዘይኰነ፤ ስርዓት ኤርትራ፡ ናይቲ ብውጽኢት ናይ ተጋድሎኡ ዘይረብሐን ኣብ ብርሰትን ውግኣትን ቍጠባዊ ማሕንቐትን ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት ክስከም ኣዘኻኺሩ። ህዝቢ ኤርትራ ፈታዊና ህዝቢ ኢዩ፤ ንሕና ድማ፡ ምስ ኤርትራ ዘሎና ዝምድና ብጥንቃቐ ኢና ንሕዞ። እንተኾነ ግን፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ሱዳን ዘካይዶ ዘሎ ተጻብኦታት ደው ክብሎ ኣለዎ ኢሉ። ነቲ ኣቦ መንበር ሱዳናዊ ምትእኽኻብ (ተጀሙዕ) መሓመድ ዑስማን ኣልምርቓኒ ኣብ መንጐ ሱዳንን ኤርትራን ንዘሎ ዝምድና ንምምሕያሽ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት መንግስቲ ሱዳን ሓንጐፋይ ኢሉ ከምዝቕበሎ ኣረጋጊጹ። ነዚ ብዝምልከት ምስ መሓመድ ዑስማን ኣልምርቓኒ ብተለፎን ከም እተዘራረበ ውን ሓቢሩ። ሚኢስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፡ ሙስጣፋ ዑስማን፡ ነዝ ብዝምልከት መርገጽ ሱዳን እንታይ ምዃኑ ገሊጽሉ። ክልቲኡ ህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ዝኣሳስሮ ናይ ሓባር ረቛሕታት ኣለዎ፤ እዚ ሕጂ ዘጋጥም ዘሎ ሕማቕ ዝምድናታት ብርቕን ሓላፍን ኢዩ ክብል ገሊጽዎ።

ነቲ ኣብ መንጐ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ጸገማት ክገልጽ ከሎ ከኣ፡ እቲ ሽግር ብቐዳማይ ደረጃ ጸጥታዊ ኢዩ፤ ካብዚ ሓሊፉ፡ ሱዳን ምስ ኤርትራ ሕዱር ጽልኢ የብላን ኢሉ። እቲ ዝድለ ድማ፡ ስርዓት ኤርትራ ብኣህጉራዊ ሕግታትን ናይ ሰናይ ጉርብትና መትከላትን ናይ

ሕብረት ኣፍሪቃ ቻርተርን ክምእዘዝ ኢዩ። ኣስዒቡ፣ ሙስጣፋ ዑስማን እስማዒል፣ ንርእይቶ መንግስቲ ሱዳን ንሰበስልጣን ኤርትራ ክሕብርን ክዝትን፣ ንመሓመድ ዑስማን ኣልምርቃኒ ምሉእ ውክልና ከምዝሃቦ ኣሚቱ።

ሱዳን፣ ተቓወምቲ ኣብ ኤርትራ ኰይኖም ሰላማዊ ቃልስታቶም ክካይዱ ኣይትጻረርን ኢያ። ካብ ኤርትራ ተበጊሶም ኣብ ልዕሊ ሱዳን ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ክካዩ ግን ኣይትቕበሎን ኢያ ኢሉ።